## ባሕቲ ታሕሳስ
## መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
### 29.11.2004



ህልቂት እተፈጸመላ መስጊድ በስክዲራ

ብ1961 ዓ.ም ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብመሪሕነት ስውእ ጅግና ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ድሕሪ ምጅማሩን ቅልጡፍ ደገፍ ናይ ህዝቢ ረኺቡ ምዕባዩን ንመግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ስለዘስግኦ፣ ሰውራና ብዕ ሸሉ ከሎ ንምቕጻዩ፣ ኣብ ልዕሊ ኣብ መታሕት ዝርከብ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ መዘና ዘይብሉ ግፍዕታት ክፍጽም ተራእየ። ብ1967 ኣብ ልዕሊ ዓድ ኢብራሂም፣ ምስያምን ምብራቕ ኣከለጉዛይን ብዝፈጸሞ ደብዳብን ማሕረድትን ማእለያ ዘይብሉ ህዝቢ ንሱዳን ከምእተሰደን፤ ኣብ ብስክዲራን ያናን ኣቑርደትን ተሰነይን ኦምሓጀርን ውን ተመሳሳሊ ጅምላዊ ህልቂት ከምዝፈጸመን ዝዝከር ኢዩ።

ብ19 ሕዳር 1970 ዓ.ም ኣሃዱታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ጽርግያ ኣስመራ ከረን፣ ሃብረምጋቓ ኣብ እተባህለ ቦታ ኣድብየን ብምጽናሕ፣ ኣብ ልዕሊቲ ንጀነራል ተሾመ እርገቱ ኣሰንዩ ዝኸይድ ዝነበረ ቃፍላይ ሰራዊት መግዛእቲ ብዝፈነውኦ በርቃዊ መጥቃዕቲ፣ ጀነራል ተሾመ እርገቱን ብዙሓት ካብ ሰራዊቱን ተቐትሉ። መግዛእታዊ ስርዓ ት ሃይለስላሴ፣ ነዚ ሕነ ንምፍዳይ፣ ብ26 ሕዳር ንሙሻ ዓይግ፥ ብ28 ሕዳር ንፍሶሩኽ፥ ብ29 ሕዳር ንሙሻ ሸባሕ ፈለዳርብን እተባህላ ዓድታት ኣቓጸለ።

ብሰኑይ 30 ሕዳር 1970 ድማ፣ ንህዝቢ ብስክዲራ ነፋሪት ከይትድብድበኩም ኣብ መስጊድ እተው ኢሎም፣ ደፋፊኦም ድሕሪ ምእታዎም፤ በርባዕተ መሻኹትን ሓደ መዓ ጾን ናይዛ ኣብ ላዕሊ እንርእያ ዘሎና መስጊድ ብዘዝነብዎ ጠያይቲ ካብ 118-120 ዝኾኑ ንጹሃት ዜጋታት ሃለቑ። ንጽባሒቱ ሰሉስ ዕለት 1 ታሕሳስ 1970 ድማ ኣብ ዑና 714 ዜጋታት ብተመሳሳሊ ኣረሜናዊ ኣገባብ ተረሸኑ። ናይ ጀነራል ተሾመ እርገቱ ሞትን ምቕጻል ናይ ዓድታትን ብናይ ዓለም ናይ ዜና ማዕከናት ስለእትዘነየሉ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ንሰውራ ኤርትራ ብሸፍትነት ንምፍላጡ ዝገብሮ ዝነበረ ፈተነ ብዝያዳ እናተኸሸሐን ክሕባእ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃን በጽሐ።

ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ናይ ዓለም፣ በዚ ኣረሜናዊ ጭፍጨፋዚ ብዙሕ ጓሂየን ሓዘነን። ኤርትራውያን ተመሃሮ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ዩንቨርሲቲ፣ ጸጕሮም ብምልጻይን ጸሊም መልጕም ኣብ ክዳውንቶም ብምልጋብን ሓዘኖም ከምዝገለጹ ውን ይዝከር።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እምበኣር፡ ካብዚ ታሪኻዊ ተረኽቦዚ ተበጊሱ ኢዩ ንባሕቲ ታሕሳስ ናይ ሰማእታት ዕለት ኰይና ክትዝከር ዝወሰነ። ነዛ ዕለት እዚኣ፡ ክመርጽ እንከሎ፡ ኹሎም ሰማእታት ኤርትራ ተጋደልቲ ይኹኑ በርጌሳውያን ዜጋታት ኤርትራ፡ ናይ ኣየናይ ውድብ ወይ ዝንባሌ ኣባላት ምዃኖም ብዘየገድስ ብሓባር ክዝከሩላ ዝመረጸ ዕለት ኢያ።

እቲ ዘሕዝን ግን፡ እቲ ብመስዋእቲ ናይ መላእ ህዝብና ስልጣን ዝጨበጠ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንሰማእታትና ሌላን ጕሌላን ክገብር፤ ንገሊኡ መደበሲ ክህብ፡ ንካልኦት ድማ ክኸልእ፤ ንገሊኡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ሓመድ ድበ ክገብረሉ፡ ንካልእ ድማ ሬሳኡ ዓዲ ከይኣቱ ክኽልክል ምርካቡ ኢዩ። ልዕሊ ኵሉ ድማ፡ እታ ህዝባ ብሰላም፡ ብቕሳነት፡ ብፍትሒ፡ ብማዕርነት ክነብረላ ናይ ማእለያ ዘይብሎም ጀጋኑ ኤርትራውያን ደምን ርሃጽን ዝፈሰሰላ ሃገር፡ ናይቶም ውሑዳት ሰበ-ስልጣንን መጋበርያታቶምን ገነት፡ ነቲ ዝበዝሐ ሓፋሽ ድማ ግሃነም ምዃና ኢያ።

ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ህዝብና ካብ ቅድም ክብል ዝነበረ መዋእላት ብዝኸፍአን ብዝበኣሰን ደረጃ ክሃልቕን ክስደድን፥ ንጥሜትን ድኽነትን ድንቍርናን ሕማምን ክሳጣሕን ይርከብ ኣሎ። እቲ ዘተስፉ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንባህርያት ናይቲ ስርዓት ተረዲኡ ክቃወም ምጅማሩ ኢዩ። ናይ መምህራን፡ ተመሃሮ፡ ተጋደልቲ፡ ውግኣት ሓርነት፡ ኣባላት ፓርላማ ህግዲፍ ነበር፡ ቅድሚ ቀሩብ ድማ፡ እቲ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ህዝቢ ዝገበሮ ተቓውሞታት፡ ምልክት ናይ ብሩህ መጻኢ ኢዩ። እዚ ተበግሶታትዚ፡ ብማእሰርቲ፡ ስቅያት፡ ሞት ዝግለጽ ከቢድ መስዋእቲ እኳ እንተተኸፍለሉ፤ መስዋእተትና ግን ከንቱ ኰይኑ ከምዘይተርፍ፡ ዝሓለፈ ናይ 30 ዓመታት ተጋድሎና ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ብዘይ መስዋእቲ ክረጋገጽ ዝኽእል፡ ፍትሒ፡ ሰላም፡ ማዕርነትን ዲሞክራስን ይኹን ብልጽግና የለን። ናይ ሎሚ ድኻምናን መስዋእትናን ጽባሕ ደቅናን ደቂ ደቅናን ዝሕጐስሉን ብሰላም ዝነብርሉን፥ ንታሪኽናን ቃልስናን ዘመጕስሉን፥ መዋእል ክመጽእ ግድን ስለዝኾነ፡ ብናይ ሎሚ መስዋእቲ ከይተደሃልና፡ ኣርሒቕና ብምጥማት ንዝያዳ ሕኑን ቃልሲ ክንዳሎ ይግባእ። ስውእ ጅግና ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብዚ ተስፋዚ ተበጊሱ ኢዩ ብውሑዳት ተጋደልትን ኣረጊት ብረትን ዝፈለሞ።

ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና
ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ትዓንብብ